Cincinnati Children's

# ናይ ደም ትሕዝቶ ምምሕልላፍ እንታይ እዩ?

ናይ ደም ትሕዝቶ ምውሳድ፤ ደም ምውሳድ ተባሂሉ እውን ይፅዋዕ፤ ናይ ተሓካሚ ኩነታት ከመሓይሽ ይኽእል። ናይ ተሓካሚ ህይወት እውን ከድሕኑ ይኽእሉ። ምምሕልላፍ ደም ከም ብዙሓት ካልኦት መድሃኒታት ገለ ሓደጋታት ኣለዎ። ብዝሒ ናይቶም ኣዝዮም ዝሓመሙ ወይ ብሰንኪ ደም ምውሳድ ዝሞቱ ተሓከምቲ ምስቲ ትሕዝቶታት ደም ክህብዎ ዝኽእሉ ጥቕሚ ክነጻጸር ከሎ ኣዝዩ ውሑድ እዩ።

ፍሉይ ኣድላይነት ወይ ምኽንያት ናይቲ ንስኻ ወይ ውላድካ ክቕበልዎ ዝቐረቡ ትሕዝቶ ደም ክትፈልጥ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።

መብዛሕትኡ ግዜ ትሕዝቶታት ደም ብሰንኪ መጉዳእቲ ወይ ሕማም ዝጎደሉ ወይ ትሑት ደረጃ ዘለዎም ባእታታት ደም ንምትካእ ይጥቀሙ። እዚኣቶም ድማ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፡ ፕላትለታት፡ ፕላዝማ፡ ክራይዮፕረሲፒቴትን ግራኑሎሳይትስን ይርከብዎም።

## ትሕዝቶታት/ኣካላት ደም ካበይ እዮም ዝመጹ?

ትሕዝቶታት ደም ካብ ወለንተኛታት ለገስቲ ደም እዮም ዝመጽእ። ደሞም ብዝተመሓደረ ኣገባብ ይእከብ እሞ ድሕሪኡ ናብ ትሕዝቶታት ይፍለ። ማእከላት ልግሲ ደም ብተለምዶ ደም ብኸምዚ ዝስዕብ ክልገስ ይፈቕዳ፤

- ስሞም ዘይተገልጹ ለገስቲ
- ኣባላት ስድራቤት ወይ ፈተውቲ ንፍሉይ ተሓካሚ (ዝተኣንፈተ ወፈያ)።
- ናይ ባዕሎም ተሓካሚ (ገዛእ-ርእሳዊ)።

ዝበዝሕ እቲ ዝተወስደ ደም በቲ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ስሞም ዘይተገልጹ ሰባት ዝልግስ እዩ። ሳሕቲ፡ ደም ብሓደ ተሓካሚ ክልገስ ይኽእል፡ ድሕሪኡ ድማ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ናብ ገዛእ ርእሶም ክምለሱ ይኽእሉ። ካልእ ግዜ ድማ ሓደ ተሓካሚ ንኻልኦት ብፍሉይ ንዕኡ ዝኸውን ደም ክልግሱ ክሓትት ይኽእል። ክልቲኦም እዚኦም ካብ ምጥቃም ስሙ ዘይተገልጸ ደም ለጋሲ ዝተፈላለየ ሓደጋታት ኣለዎም። እዞም ሓደጋታት እዚኦም ምስ ሓኪምካን ምስቲ ደም ዝእክብ ማእከል ደምን ክዝረበሎም ይግባእ።

# ደም ናብዞም ትሕዝቶታት ደም ክምስራሕ ይኽእል እዩ፤

### እኩባት ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም (Packed red blood cells, PRBCs)

ዝበዝሕ ፕላዝማ ዝነበሮም እኩባት/ጥርኑፋት ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ካብቲ ምሉእ ደም ይእለዩ/ይፍለዩ። እኩባት ዋህዮታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ክልተ ክሳብ ኣርባዕተ ሰዓታት ናብ ሰራውር ይወሃቡ። እዚኣቶም ብደም ምፍሳስ: ሔሞሊሲስ (ምጥፋእ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም) ወይ ኣንጉዕ ዓጽሚ ውሑድ ቀያሕቲ ዋህዮታት ምስ ዝገብር ዝጠፍኡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ንምትካእ እዮም ዝወሃብ። ምንካይ ምፍራይ ዋህዮታት ብሰንኪ ድኽመት ኣንጉዕ ዓጽሚ፡ ኣብ ኣንጉዕ ዝኸሰት መንሽሮ፡ ውጽኢት ናይቲ ንመንሽሮ ንምፍዋስ ዝጥቀሙሉ መድሃኒታት ኬሞቴራፒ፡ ወይ ድማ ብሰንኪ ቅድሚ ግዜኡ ዝመጽእ ዋሕዲ ደም ክኸውን ይኽእል። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም የድልዩ ምኽንያቱ ኦክስጅን ናብ ዝተረፈ ክፋል ኣካላትና ስለ ዘብጽሑ።

### ፕላትለታት

ፕላትለታት ነቲ ኣብ ሰራውር ደም ዘሎ ነኺል ምስ ካልኦት ዝረግኡ ፕሮቲናት ብምዕጻው ምፍሳስ ደም ወይ ምብስባስ ንምክልኻል ወይ ደው ንምባል ዝሕግዙ ቁርጽራጽ ዋህዮታት (ጮላፋት) እዮም። መብዛሕትኡ ግዜ ፕላትለታት ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰዓት ናብ ሰራውር ይወሃብ። ሳሕቲ ብቐጻሊ ዝወሃቡ እዮም። ፕላትለታት ሓደ ሰብ ብሰንኪ መድሃኒት፡ ሕማም፡ መካኒካዊ ዕንወት (ከም ካብ ኣርቲፊሻል ሻምብቆ ልቢ)፡

ወይ’ውን ብሰንኪ ሕማም ወይ ኬሞቴራፒ ኣንጉዕ ዓጽሙ ዘይሰርሕ እንተኾይኑ፡ ፕላትለታት ብቑኑዕ መንገዲ ኣብ ዘይሰርሓሉ እዋን ክወሃብ ይኽእል። ፕላትለታት ኣብ ኣካላትና የድልዩ ምኽንያቱ ምፍሳስ ደም ደው ንምባል ዝረግአ ደም ንምፍጣር ኣገዳሲ ኣካል ስለዝኾነ።

### ሓድሽ ዝረግአ/ዝደስከለ ፕላዝማ (Fresh frozen plasma, FFP)

ሓድሽ ዝረግአ ፕላዝማ፡ ካብ ለጋሲ ደም ድሕሪ ምርካቡ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ዝረግእን ዝዕቀብን ፕላዝማ እዩ። ቅድሚ ምትሕልላፍ ይፈስስ። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰዓት ናብ ሰራውር ደም ይወሃብ። ሓድሽ ዝረግአ ፕላዝማ፡ ሓደ ሰብ ደም ክፈስስ ከሎ ወይ ገለ ካብቲ ዝረግእ ፕሮቲናት ምስ ዝጎድሎ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ሓድሽ ዝረግአ/ዝደስከለ ፕላዝማ ኣገዳሲ እዩ ምኽንያቱ ምፍሳስ ደም ደው ንምባል ዘድልዩ ብዙሓት ናይ ምርጋእ ረቛሒታት ስለዘለዎ።

### ክራይዮፕረሲፒቴት/ኣርጋኢ (ክራይዮ)

ክራይዮፕረሲፒቴት/ኣርጋኢ ዝተወሰኑ ረቛሒታት ምርጋእ ጥራይ ዝሓዘ ክፋል ደም እዩ፤ ረቛሒ VIII፡ ረቛሒ XIII፡ ረቛሒ ቮን ዊልበራንድ (von Willebrand) ከምኡ እውን ፊብሮጅን። ቅድሚ ምትሕልላፍ ረጊኡ ይኽዘንን ይፈስስን። መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰዓት ዝውሃብ እዩ። ሓደ ተሓካሚ ብሰንኪ ጀነቲካዊ ጸገም ወይ ከም ዝተዘርግሐ-ኣብ-ውሽጢ-ሰራውር-ደም-ምጽማድ (Disseminated Intravascular Coagulation, DIC) ዝኣመሰለ ከቢድ ሕማም ኣብ ደሙ ሓደ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ትሕዝቶታት ምስ ዝጎድሎ ክራይዮፕረሲፒቴት/ኣርጋኢ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል። ክራይዮፕረሲፒቴት/ኣርጋኢ ኣብ ውህሉል ፍርያት መርጋእቲ ንምስራሕ ገለ ኣገደስቲ ረቛሒታት ዝሓዘ እዩ።

### ዳግማይ ዝተዋህለለ ምሉእ ደም

ዳግማይ ዝተዋህለለ ምሉእ ደም፡ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደምን ፕላዝማን ብምውህሃድ፡ ውህደት ደም ሰብ ካብ ምቕዳሕ ዝስራሕ ፍርያት እዩ። እዚ ፍርያት መብዛሕትኡ ግዜ ንዝተፈላለየ ምኽንያታት ልዑል መጠን ቢሊሩቢን ወይ ሄሞላይሲስ (ምብታን ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም) ንዘለዎም ሓደስቲ ዝተወልዱ ህጻናት ንምልውዋጥ ምትሕልላፍ ይውዕል። ኣብ ከቢድ ኩነታት ሄሞላይሲስ እውን ንሓደ ዕሸል ክወሃብ ይኽእል።

### ግራኒይሎሳይታት

ፍርያት ግራኒይሎሳይት ካብ ኒውትሮፊልስ ዝስራሕ ኮይኑ፡ እቶም ንረኽሲ ንምምካት ዝሕግዙ ጻዕዳ ዋህዮታት ደም እዮም። ግራኒይሎሳይታት ሓሓሊፉ ኣብቶም ኣብ ደሞም ኒውትሮፊል ዘይብሎምን ንኻልኦት መድሃኒታት ምላሽ ዘይሃቡን ሰባት ከቢድ ረኽሲ ንምምካት ንኽሕግዝ ይወሃብ። ግራኒይሎሳይታት ካብ ስሞም ዘይተገልጸ ለገስቲ ዝእከብ፡ እቲ ለጋሲ ስቴሮይድ መድሃኒት ምስ ወሰደ እዩ። እቲ ስቴሮይድ እቶም ኒውትሮፊላት ናብ ደም ንኽእከቡ ይሕግዝ። ደም ብናይ ዋህዮ ምፍላይ ማሽን (ኣፈረሲስ) ተጠቒምካ እዩ ዝእከብ። እዚ ማሽን መብዛሕትኡ ጻዕዳ ዋህዮታት ደም ወሲዱ ነቲ ዝተረፈ ደም ናብቲ ለጋሲ ኣብ ውሽጢ ሓያሎ ሰዓታት ይመልሶ። ግራኒይሎሳይታት መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰዓት ናብ ሰራውር ይኣትዉ።

## ክስዕቦ ዝኽእል ሓደጋታት

ሓደ ሓደ ግዜ፡ ምስ ምጥቃም ትሕዝቶ ደም ዝስዕቡ ዘይተደልዩ መልሰ-ተግባራት ኣለዉ። መብዛሕትኡ እዚ ግብረ-መልሲ ልሙድ ኣይኮነን። መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ምውሳድ ደም ብምቁራጽን ሳሕቲ ግዜ ድማ ከም መቖነሲ ሰዓል ወይ ጸረ-ሂስታሚን ዝኣመሰሉ ተወሳኺ መድሃኒታት ብምሃብን ይመሓየሹ። እቲ ምላሽ ከቢድ እንተኾይኑ ካልእ ሕክምናታት ከድሊ ይኽእል። እዚ ሕክምናታት እዚ፡ ቅድሚ ምምሕልላፍ ትሕዝቶታት ደም ብፍሉይ ምምስራሕ ወይ ቅድሚ ምውሳድ ደም መድሃኒት ምሃብ ከጠቓልል ይኽእል።

ግብረ መልሲ እንተ ኣጋጢሙ፡ እቲ ክሊኒካዊ ጉጅለ ነቲ ምውሳድ ደም ደው ከብሎ እዩ። ገለ ካብ ደም ናይ'ቲ ሰብ ንተወሳኺ መርመራ ናብ ባንኪ ደም ክኸይድ'ዩ። ሓደ ሕክምናዊ ዳይረክተር ነቲ ውጽኢት መርመራ ክምርምሮ እዩ። ምስታ ጉጅለ ብዛዕባ ቀጻሊ ስጉምትታት ንውሑስ መጻኢ ምውሳድ ደም ክዛረቡ እዮም። እዚ መስርሕ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሓደ ክሳብ ክልተ ሰዓት ይወስድ። ክከምቲ ዝተረኽበ ሓያሎ ሰዓታት ወይ ልዕሊኡ ክወስድ ይኽእል። ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብናይ ምክልኻል-ዓቕሚ-ዝመሓላለፍ ምኽንያት፣ ካብ ሕማም-ምክልኻል-ዘይመሓላለፍ ምኽንያት፣ ካብ ደም ዝመሓላለፍ መልከፍቲ ክኸውን ይኽእል ወይ ምልክታት ምስቲ ምውሳድ ደም ምትእስሳር ከምዘይብሉ ክፍለጥ ይከኣል። እዚኦም ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ኣለዉ።

- ስርዓተ ምክልኻል ተሓካሚ ሓደ ሰብ ነቲ ትሕዝቶ ደም ምላሽ እንተሂቡ፡ ብናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዝመሓላለፍ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ከጋጥም ይኽእል። ኣብቲ ክፍሊ ደም ዝርከቡ ዋህዮታት ምክልኻል ሕማም ምስ ዋህዮታት ወይ ፈሳሲታት ናይቲ ሰብ ምላሽ እንተሂቦም'ውን ከጋጥም ይኽእል። እዚኦም እውን ክካትት ይኽእል፡
    - ካልእ ምልክታት ዘይብሉ ሰዓል (ሰዓል ዘለዎ ዘይ-ሄሞላይቲክ ምውሳድ ደም ግብረ-መልሲ)።
    - ናይ ኣለርጂ ግብረመልስታት።
    - ኣናፋይላቲክ ግብረመልሲ።
    - ምምዕባል ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ወይ ፕላትለታት ጸረ-ነፍሳት ኣብ መጻኢ ንዝተመሓላለፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ወይ ፕላትለታት ከጥቅዑ ዝኽእሉ።
    - ብምኽንያት ምውሳድ ደም ካብ ጸረ-ነፍሳት ኣብ ልዕሊ ኣካላት ሳንቡእ ዝወረደ ጉድኣት "ደም ምውሳድ ዘስዓቦ ከቢድ ጉድኣት ሳምቡእ" (Transfusion-related acute lung injury, TRALI)
    - ኣብቲ ሰብ ብዘሎ ጸረ-ነፍሳት ዝመጽእ ሄሞላይሲስ፡ ድሕሪ ምምሕልላፍ ካብ መዓልታት ክሳብ ሰሙናት ዝፍጸም (ዝደንጐየ ምላሽ ምትሕልላፍ ደም)።
    - መጣበቒ ምስ መተኣናገዲ ሕማም (Transfusion-associated graft-versus-host disease, TA-GVHD)
    - ፐርፑራ (ምጉዳል) ካብ ጸረ-ነፍሳት ፕላትለታት ዘጥፍኡ።

- ብናይ ምክልኻል ዓቕሚ ዘይመሓላለፉ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፤
    - ልዕሊ ዓቕን ፈሳሲ ([ኣብ ምሕላፍ ደም ዝመፀ ፀቕጢ ደም] Transfusion-associated circulatory overload, TACO)።
    - ምጉዳል ጸቕጢ ደም (ሃይፖቴንሽን)።
    - ልዕሊ ዓቐን ፖታሽየም እናተመሓላለፈ፡ ሕክምና ዘድልዮ።
    - ኣብ ቲሹታት ኣካላት ልዕሊ ዓቐን ጽዕነት ሓጺን። እዚ ነቶም ኣብ ዕድሚኦም ብዙሕ ምውሳድ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝገብሩ ሰባት ዘተሓሳስብ እዩ።
- ረኽሲ
    - ረኽሲ ባክተርያ ዝሓዘ ትሕዝቶ ደም፡ ቫይረስ (ከም ሄፓታይተስ ቢን ሲን፡ ኤችኣይቪ ወይ ሲኤምቪ) ወይ ጽግዕተኛ ካብ ምጥቃም ክመጽእ ይኽእል።
    - ምውሳድ ናይ ሓደ ግራኑሎሳይት ትሕዝቶ ካብ ካልኦት ትሕዝቶታት ደም ቁሩብ ዝያዳ ሓደጋ ኣለዎ። ጸዓዱ ዋህዮታት ደም ድሕሪ ምእካብ ነዊሕ ስለዘይነብሩ፡ እዚ ትሕዝቶ እዚ ድሕሪ ምእካብ ኣብ ሓጺር ግዜ (ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ቀልጢፉ) ክመሓላለፍ ኣለዎ። በዚ ምኽንያት ድማ እዞም ኣሃዱታት ውጽኢት መርመራ ተላባዒ ሕማማት ቅድሚ ምብጽሑ ይመሓላለፉ። ለገስቲ ግራኑሎሳይት ምስ ካልኦት ለገስቲ ትሕዝቶ ደም ክነጻጸሩ ከለዉ ዝያዳ ጽኑዕ ረቛሒታት ኣለዎም። ብሓፈሻ ውሑሳት ተባሂሎም ይቕጸሩ። ውጽኢት ናይቲ መርመራ ምስተረኸበ ንሓኪምካ ክወሃቦ እዩ። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ንጽባሒቱ እዩ ዝፍጸም።

ገለ ካብዞም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ቅድሚ ምውሳድ ደም ነቲ ትሕዝቶ ብምቕያር ይከላኸሉ፣ ከም ብጨረርታ (ቲ.ኤ-ጂቪኤችዲ ይከላኸል)። ካልኦት ድማ ቃለ መሕትትን መርመራን ደም ለገስቲ (ንረኽሲ) ብምግባር ይውገዱ። ምውሳድ ደም ኩሉ ግዜ ሓደጋ ኣለዎ። መብዛሕትኡ ግዜ እዞም ሓደጋታት እዚኣቶም ካብቲ ደም ምቕባል ዝርከቦ ረብሓታት ኣይበዝሑን እዮም።

ብዛዕባ እዞም ሓደጋታት ዝያዳ ፍለጥ ምስ ጉጅለ ክንክን ጥዕናኻ ብምዝርራብ፡ ዝርዝር ናይዞም ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብምንባብን ኣብ ዝምከሩ መርበባት ሓበሬታ ብምእታውን።

## ምልክታት ክስዕብ ናይ ዝኽእል ጸገም

ክትዕዘቦም እትኽእል ምልክታት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ፡

- ልዕሊ 100.6°F (38°C) ዝኾነ ሰዓል ብኣፍ ዝውሰድ።
- ጸቕጢ ደም ይቕየር።
- ቁሪ፣ ርእሲ ሕማም፣ ናይ ከብዲ ውግኣት፣ ተምላስ፣ ሰገራ ምቁጽጻር ዘይመኽኣል ወይድማ ቃንዛ ሕቖ።
- ጸሊም-ሕብሪ ዘለዎ ሽንቲ (ሽንቲ)፡ ብጫ ቆርበት ወይ ዓይኒ፡ ሃንደበታዊ ድኻም (ኣዝዩ ድኻም)።
- ቆሮ፡ ምሕካኽ፡ ምሕንፋጽ፡ ሕጽረት ትንፋስ፡ ጸገም ምስትንፋስ።
- ሕበጥ እግሪ ወይድማ ዓንካር-ዓንካሪቶ፣ ሰዓል ቅድሚ ምውሳድ ደም ዘይነበረ።
- ዝደንጎየ ግብረ መልሲ፤ ኣብ ሳሕቲ ኣጋጣሚታት፡ ድሕሪ ምውሳድ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ካብ መዓልታት ክሳብ ሰሙናት፡ ምድንጓይ ግብምመልሲ ከጋጥም ይኽእል። ውላድኩም ሰዓል እንተ ኣጋጢምዎ፡ ከም ቃንዛ ሕቖ ዝኣመሰለ ሓድሽ ቃንዛ እንተ ኣማዕቢሉ፡ ወይ ድሕሪ ናይ ቀረባ እዋን ምውሳድ ደም ፍሕሸው ወይ ወይባ (ብጫ ሕብሪ ኣብ ቆርበትን ጻዕዳ ሕብሪ ዓይንን) እንተኾይኑ ናብ ሓኪም ውላድኩም ደውሉ።

ውላድኩም ፍርያት ደም ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ወይ ድሕሪ ምውሳድ ምልክታት እንተሃልይዎ፡ ብኡንብኡ ናብ ነርስኩም ወይ ናብ ሓኪምኩም ደውሉ።

## ኣማራጺታት

ሓደ ሓደ ግዘ ኣማራፅታት ኣለዉ። ናይ ክንክን ጉጅለኹም ብዛዕባ ክህልወኩም ዝኽእል ምርጫታት ክዛረበኩም ይኽእል እዩ፣ ኣብ ኩነታት ውላድኩም ተመርኲሱ። ኣማራጺታት ዝኾነ ፍርያት ደም ንምውጋድ መድሃኒታት ምጥቃም ወይ ካብ ስሞም ዘይተገልጸ ለገስቲ ደም ወጻኢ ካብ ሰባት ዝመጽእ ደም ምጥቃም ይርከብዎም። እዚኦም ክካተቱ ይኽእሉ፡

- ኣንጉዕ ዓጽሚ ዝያዳ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም፡ ጻዕዳ ዋህዮታት ደም ወይ ፕላትለታት ንኽሰርሕ ክሕግዙ ዝኽእሉ መድሃኒታት።
- ፍሉያት ምትእኽኻብ ናይ ሓደ ምርጋእ ረቛሒ ከም ረቛሒ VIII ወይ IX ምትእኽኻብ ዝኾኑ መድሃኒታት፡ ወይ ድማ ምብትታን ምርጋእ ደም ደው ዘብሉ መድሃኒታት (ትራነክሳሚክ ኣሲድ፡ ኣሚኖካፕሮይክ ኣሲድ) ወይ ደረጃ ዝተወሰኑ ረቛሒታት ምርጋእ (ዲዲኤቪፒ) ብምውሳኽ። ብፍሉይ ንገለ ጸረ-ረኽሲ (ደም መቕጠንቲ) ንድሕሪት ዝመልሱ መድሃኒታት።
- መጥባሕቲ ንዝገብሩ ሰባት፡ ኣብ እዋን መጥባሕቲ ብሰንኪ ምፍሳስ ደም ዝጠፍአ ደሞም ኣብ እዋን መጥባሕቲ ተኣኪቡ ናብቲ ሕሙም ክምለስ ይኽእል (ኣብ ውሽጢ መጥባሕቲ ዝግበር መስርሕ ምድሓን)።

ዝተኣንፈተ ወፈያ፤
ስድራቤትን ፈተውትን ንሓደ ፍሉይ ሰብ ኣሃዱታት ከወፍዩ ምግባር ኣማራጺ እዩ። እዚ ንሓደ ሕሙም ደም ንምሃብ ምቹእ መገዲ ኣይኮነን ብብዙሕ ምኽንያታት። ዝተመርጹ ለገስቲ ዘይቃዶ ደም ክህልዎም ይኽእል ወይ ድማ መርመራ ዘይሓልፍ ደም ክህልዎም ይኽእል። እቲ ኣሃዱ ደም ኣብ እዋን ምኽዛን ወይ ምጉዕዓዝ ብጌጋ ክስበር ወይ ካብ ሙቐት ክወጽእ ይኽእል። እቲ ሰብ ገና ካብቶም ኣሃዱታት ግብረ መልሲ ክህልዎ ይኽእል እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ ሓኪምኩም ተዘራረቡ። እዚ ሕቶታት እዚ ካብ ሓያሎ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ ኣቐዲሙ ክግበር ኣለዎ። ብናይቲ ከባቢ ማእከል ደም ብክፍሊት ይዘዘሙ። እኹል ደም እንተዘይተኣኪቡ ስሙ ዘይተገልጸ ደም ለጋሲ ክቕበል ድዩ ወይውን ምፍሳስ ደሞም ከቢድ እንተኾይኑን ተወሳኺ ኣሃዱታት እንተድኣ ኣድልዩን እቲ ሰብ ክውስን ኣለዎ። ከምኡ'ውን ገለ ትሕዝቶታት ከም

ኤፍ.ኤፍ.ፒ ወይ ክራይዮፕረሲፒቴት ንቀጥታዊ ወፈያ ክእከቡ ኣይክእሉን። ንዝያዳ ሓበሬታ ንማእከል ደም ሆክስዎርዝ (Hoxworth Blood Center) ተወከሱ።

ገዛእ-ርእሳዊ ወፈያ፤
ናብ ገዛእ ርእስኻ ተመሊሱ ዝመሓላለፍ ደም ምልጋስ ኣማራጺ እዩ። እዚ ንመብዛሕትኦም ሰባት ብፍላይ ድማ ንሕሙማት ህጻናት ምቹእ ኣማራጺ ኣይኮነን። ገዛእ-ርእሳዊ ኣሃዱታት ኣብ እዋን መስርሕ ጸገማት ክህልዎም ይኽእል እዩ እዚ ድማ እቲ ኣሃዱ ኣብ ጥቕሚ ዘይውዕል ክኸውን ይኽእል። እዚ ድማ እቲ ቦርሳ ምብታኽ ወይ ካብ ሙቐት ወጻኢ ምኳን ከጠቓልል ይኽእል። እቲ ሰብ ነቲ ወፈያ ካብ ሰሙናት ክሳብ ኣዋርሕ ኣቐዲሙ ክሰርዖ ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ማእከል ደም ብኽፍሊት ይእከብ። እቲ ሰብ ብሰንኪ ምፍሳስ ደም ወይ ካልእ ጸገማት ተወሳኺ ምውሳድ ደም ከድልዮ ይኽእል እዩ። እቲ ሰብ ስሙ ዘይተገልጸ ናይ ለጋሲ ደም ምውሳድ እንተድኣ ኣድልይዎ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ኣቐዲሙ ክውስን ኣለዎ።

## እታወታተ

ብዛዕባ ትሕዝቶታት ደም ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ምስ ሓኪም ውላድኩም ተዘራረቡ። ኣብዞም መርበባት ሓበሬታ እውን ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤

- ማሕበር ንዕቤት ደምን ባዮቴራፒን (Advancement of Blood and Biotherapies, AABB)
- ማእከል ደም ሆክስወርዝ (Hoxworth Blood Center)

Last Updated: 03/2024 by Kristina Prus, MD